## 3 ውድባት ኤርትራ ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ 2009 ናይ ምጽንባር ጉባኤ ክካይዱ ተሰማሚዖም

## ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ
08.09.09

ካብ 22 ነሓሰ 2009 ኣትሒዙ፡ ኣብ መንጐ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን (ኤ.ህ.ም) ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ክካየድ ዝጸንሐ ኣኼባ፣ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ 2009፡ ሰለስቲኦም ውድባት ዝሳተፍሉ ናይ መጸናበሪ ጉባኤ ክካየድ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

ከምኡ ውን፡ እቲ ኣብ መስከረም 2009 ክግበር ተመዲቡ ዝነበረ ዞባዊ ኮንፈረንሳት ናይ ወከልቲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን፡ ወከልቲ ኤ.ህ.ም መታን ክሕወስዎ ክሳብ 31 ጥቕምቲ 2009 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ዞባዊ ሓለፍቲ ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ኣብ ዝሳማምዕሉ ግዜን ቦታን ክካየድ ተወሲኑ ኣሎ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ፡ ኤ.ህ.ም ኣብ ኩሎም ቀይሞም ዘለው ናይ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ኣካላት ማዕረ ተሳትፎ ክህልዎም ም'ኳኑ ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ተበጺሑ ኣሎ።